ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

# መልእኽቲ ሓዘን ካብ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ንመላእ ህዝቢ ትግራይን ኣምሓራን ብሓፈሻ ንኩሉ ኢትዮጵያውን ፈታዊ ኢትዮጵያውን ብምኽንያት ብዕለት **23/06/2019 ዓ/ም** ኣብ ርእሲ መራሕቲ፡ ምክልኻል ሃገረ ኢትዮጵያ ኢታማጆር ሹም ጀነራል ሰዓረ ሞከነን ሜ/ጀነራል ገዛኢ ኣበራ፡ ፕረሲደንት ክልል ኣምሓራ ዶ/ር ኣምባቸውን ካለኦት ብጾቶምን ዝርከብዎ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ባህርዳርን ብቕንጸላ ሂወቶም ምሕላፎም ብስም ኩሎም ኣባላትን መሪሕነትን ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘና ንገልጽ።

እዚ ከምቲ ኣብ ሃገርና ግበታዊ ስርዓት ህግደፍን ጉጅሉኡን ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዞም ዘካይድዎ ዘለዉ ጸረ ዲሞክራስን ጸረ ህዝብን ተግባር፡ መትከላት ዲሞክራሲ ብዝግባእ ንኸይትግበር ንምዕንቃፍን ብራዕድን ሽበራን ብምፍጣር ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ቅንጸላ ምክያድ እዚ ተረኺቦ እውን ቀጸላ ምኺኑን ካቡኡ ሓሊፉ እውን እቲ ግበታዊ ጉጅለ ኢሰያስ፡ ነዚ ከምዚ ዓይነት ጉዳያትን ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ተከሲቱ ዘሎ ፖለቲካውን ማሕበራውን ዘይምርግጋእ፡ ላምባ እንዳሓወሰ ከጎሃህሮ ሙኺኑ ብምርዳእ ሕጂ እውን ጉቡእ ኣቓልቦ ክትህብዎን፡ ናይዚ ግበታዊ ስርዓት ኣካይዳ ንመላእ ህዝብታት ክልቲኡ ሃገር ውሑስ ሰላም ከምዘይከውን ነረጋግጽልኩም፡

ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ነዚ ዘሎ ህሉው ኩነታት ኣብ ሓጺር ግዜ ግቡእ መፍትሒ ተረኺቡሉ ህዝብታት ኢትዮጵያ ተሳንዮምን ተፋቒሮምን ኣብ ጎደና ሰላምን ልምዓትን ክምርሹ ዘይሕለል ጻዕርኹም ክትቅጽሉ እምነትና ሙኺኑ ብምግላጽ፡ ነቲ ኣብ ትግራይን ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ዝርከብ ውጹዕ ህዝቢ ኩሉ መዳያዊ ጠለባት ካብቲ ንሕና ከም ተቓለስቲ ሒዝናዮ ዘለና ጠለባት ፈሊና ስለ ዘይንርእዮ ድማ ገዛኢ ፓርቲ ኢትዮጵያ ነቲ

ብዕግበት ተበጊሱሉ ዘሎ ጠለባት ህዝቡ ከማልእን ተግባራዊ ክገብርን ልዕልና ሕጊ ከኽብርን ዘለና እምነት ንገልጽ።

ከም ኣሕዋትን ጎረባብቲ ህዝብን ድማ ናይ ኢትዮጵያ ዘይምርግጋእ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ንዓና ንኤርትራውያን ጥራሕ ዘይኮነስ ንመላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብኣሉታ ዝጸሉ ስለ ዝኾነ እቲ ግዚኡ ዘሕለፈ መከራታት ወረ ቶኽስን ምቅትታልን ምዝንባልን ኣብቂዑ ናይ ሓድነትን ምዕባለን መዝሙር ብሓባር ክዝመር ብወገንና እውን ከነበርክቶ ዘለና ድሉዋት ሙኧና ብምርግጋጽ፡ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ብስም ኩሎም ተቓልሰቲ ኣባላት ሰልፊ በዚ ዝተረከበ ሞት ናይዞም መራሕቲ ድማ ንቤተሰቦምን ፈተውትን፡ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ንመሪሕነትን ኣባላትን ሕዋሓትን ኢህኣደግን፡ ከሙኡውን ንመላእ ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኢትዮጵያን ጽንዓት ይሃብኩም ይብል።

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

28 ሰነ 2019